Tigrinya

ኮሮና ቫይረስ (COVID-19)

# ናይ COVID-19 ምርመራ

## መንዩ ክምርመር ዘለዎ?

ዝኾነ ናይ ሳዓል ወይ ናይ ኢንፍሉዌንዛ ምልክት ዘለዎ ሰብ ዋላ ኣዝዩ ፈኲስ ይኹን ብቕልጡፍ ናይ COVID-19 ምርመራ ክገብር ይግባእ። COVID-19 እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ኣለዉዎ።

- ረስኒ ፣ ንኣብነት ምቁራርን ናይ ለይቲ ረሃፅን።
- ከም ሳዓል ፣ ቁስለት/ምኽርካር ጎሮሮ፣ ዋሕዚ ንፋጥ፣ ሕፅረት ትንፋስ ዝበሉ ናይ ምትንፋስ ምልክታት፣ ስእነት ምጥዓምን ምጭናውን እቶም ቀንደታት ምልክታት ኢዮም።
- ቃንዛ ጭዋዳታትን መጋጥምትን፣ ውፅኣት፣ ዕውልውል/ተምላስን ናይ ሸውሃት ምጥፋእ ካልኦት መርኣያታት ኢዮም።

## ክትምርመሩ ከለኹም ክትፅበይዎ ዝግባእ ነገር እንታይ ኢዩ?

- እቲ ምርመራ ነፃ ፣ ቀሊልን ቅልጡፍን ኢዩ።
- እንድሕር ናብ ክሊኒክ ክትምርመሩ ተኣዚዙልኩም፤ እቲ ናይ ትእዛዝ ወረቐት ሒዝኩሞ ኪዱ። መብዛሕትኦም ክሊኒካት ግን ብዙሕ ኣይደልዩዎን።
- እቲ መርማሪ መዐመም ኣፍን ኣፍንጫን፣ ነዊሕ ክዳን ሓኪም፣ጓንቲ፣ መከላኸሊ ገፅ ጌሩ ክትረኽብዎ ኢኹም።
- እቲ መርማሪ ብዛዕባ ይረኣዩኹም ዘለዉ ምልክታት ክሓቱኹም ኢዩ።
- ሕባስ ኣፍንጫን ጎሮሮን ክውሰድ ኢዩ።

## ድሕሪ ምርመራ'ኸ እንታይ ክኸውን ይኽእል?

- ውፅኢት ምርመራኹም ደሓን ምዃንኩም እስካብ ዘረጋግፅ ኣብ ገዛኹም ናይ ግድን ተወሺብኩም ክትፀንሑ ኣለኩም።
- ህፁፅ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ንምርካብ እንተዘይኮይኑ ፈፂምኩም ካብ ገዛ ኣይተውፅኡ። ክሓተኩም ዝመፅእ ሰብ ክህሉ ኣይግባእን።
- ምልክታት እቲ ሕማም ፣ ንኣብነት ናይ ምትንፋስ ፀገም እንዳተጋደደ እንድሕር ከይዱ 000 ናብ ኣንቡላንስ ደዊልኩም ሕተቱ፣ ናይ COVID-19 ምርመራ ጌርኩም ምንባርኩም ነቲ ሰራሕተኛ ሓብሩሉ።
- እንድሕር ዳኣ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ ሓደ ገዛ ትነብሩ ኮይኑንኩም፣ መደቀሲ ክፍልኹም ፍለዩ፤ ሓኻይም ዝጥቀምዎ ሰርጂካል ዝበሃል መዐመም ግበሩ። ካብ ዝኾነ ሰብ 1.5 ሜትሮ ረሓቑ።
- ውልቃዊ ፅርየትኩም ሓልዉ ፣ በብሸዑ ኣእዳውኩም ተሓፀቡ፣ ሳዓልኩምን ሕንጥሽኹምን ናብ መዕፀፊ ኢድኩም/elbow ወይ ናብ መፃረዩ ወረቐት/ tissue ግበሩ።

## ብዛዕባ ምውሻብ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

[https://www.health.nsw.gov.au/Infectious/covid-19/Pages/resources.aspx](https://www.health.nsw.gov.au/Infectious/covid-19/Pages/resources.aspx)

- እንድሕር ዳኣ COVID-19 ምስ ዘለዎ ሰብ ብቐረባ ትራኸቡ ነይርኩም ምስቲ ሰብ ካብ ዝተራኸብኩሙሉ ዕለት ጀሚሩ ን14 መዓልቲ ካብ ገዛኹም ኣይትውፅኡ። (ብቐረባ ምርኻብ ማለት እቲ ብCOVID-19 ዝተታሕዘ ሰብ ቅድሚ ምሕማሙ ኣብ 48 ሰዓታት ውሽጢ ኣብ ሓደ ገዛ ትነብሩ እንድሕር ነይርኩም፣ ን15 ደቓይቕ ገፅ ንገፅ ወይ ድማ ን2 ሰዓታት ኣብ ዕፁው ቦታ እንድሕር ሓቢርኩም ፀኒሕኩም ማለት ኢዩ።).
- ኣብዚ እዋንዚ ምንም ዝስመዐኩም ነገር ኣይሃሉ፣ ውፅኢት ምርመራኹም ዋላ ነፃ ይኹን ብዘየግድስ ካብ ዝኾነ ናይ ቀረባ ሰብኩም ኣብ ገዛ ብምውሻብ ርክብ ኩም ኣቋርፁ።

## ውፅኢተይ ብኸመይ እረክብ?

- መብዛሕትኡ ጊዜ ውፅኢት ምርመራ ካብ 24 እስካብ 48 ሰዓታት ውሽጢ ዝበፅሕ ኮይኑ ፣ እስካብ 72 ሰዓታት ትፅበዩሉ ኣጋጣምታትውን ክህሉ ይኽእል ኢዩ።
- ኣብ ናይ መንግስቲ ሆስፒታላት ንህፁፅ ሕክምና ክይድኩም ናይ COVID-19 ምርመራ እንድሕር ጌርኩምን እቲ ናይ ምርመራ ውፅኢት ብግልጋሎት ሓፂር መልእኽቲ /Pathology COVID-19 SMS/ ንኽትቅበሉ እንድሕር ተመዝጊብኩም ውፅኢት ምርመራ ቀልጢፉ ክበፅሐኩም ይኽእል ኢዩ። እንድሕር ዘይተመዝገብኩም ግና ካብቲ ናይ ከባቢኹም ናይ ህዝባዊ ሕክምና ሓላፊ ተደዊሉ ክንገረኩም ኢዩ።
- ውፅኢትኩም ናብ ሓኪም ስድራኹም ወይ ናብ ካሊእ ጣቢያ እንድሕር ተመሓሊፉ እቲ ሓኪምኩም ክንገረኩም ኢዩ።

## እቲ ሕማም እንድሕር ተረኺብኩም'ከ?

- ጥዕና ቢሮ NSW ክካናኸነኩም ኢዩ። ዋላ ሜዲኬር ኣያሃልኹም ነፃ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ክትረኽቡ ኢኹም።

NSW GOVERNMENT

ኮሮና ቫይረስ (COVID-19)

# ናይ COVID-19 ምርመራ

## ኣበይ ኢየ ክምርመር ዝኽእል?

- ብዛዕባ ናይ COVID-19 ክሊኒክ ስዒቡ ኣብ ዘሎ መርበብ ሓበሬታ ረኣዩ። https://www.health.nsw.gov.au/Infectious/covid-19/Pages/clinics.aspx

  ወይ ድማ
- ናብ ሓኪምኩም ደውሉ

**ናይ NSW ጥዕና ናይ COVID-19 መመርመሪ ክሊኒካት ዝርከባሉ ከባቢታት በዚ ቅጥዒ መሰረት ድለዩ።:**

| Suburb/ጣቢያ | Location/ከባቢ | Opening hours/ ናይ ስራሕ ሰዓት | Phone/ቁጽሪ ስልኪ | Referral needed?/ ናይ ትእዛዝ ወረቐት የድሊዶ |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |

© NSW Health June 2020. SHPN (HP NSW) 200310